# ህዝቢ ኤርትራ ዝደርዘሉ ስኢኑ ንንብዓቱ

ሰነ 4 ለምለም ገብረሚካኤል ሃገር ጀርመን።

ኣንታ እዚ ህዝቢ እንታይ ኢዩ ሓጥያቱ
ካብ ባዕዳውያን ገዲደምዎ ዘዕበዮም ውላዱ
ከም ውሕጅ ይዛሪ ኣሎ ንብዓቱ
ሓደ ኺ ስኢኑ ዝሰምዖ ኣውያቱ
ክወግሕ ክመሲ የልምጽ ንብዓቱ።

ወጋሕታ ይግስግስ ከይረገፈ ኣውሊ
ተሰሪዑ የርፍድ ምሳሑ ክደሊ
ንሓሙሽተ ባኒ የንቐጥቕጣ  ኢድ እግሪ
ምስኡ እውን ይድመሮ ምኽትኻት ብበትሪ።

ናይ ከተማታት ናብራ እዚ ኢዩ ብሓጺሩ
ናይ ሃገረሰባት ኣሎ ጉድ ተኸሚሩ
ኤርትራዊ ዜጋ ዳግማይ ተኸቲሩ
ሳልሳይ ዜጋ ኼይኑ ኣብ ሃገሩ።

**ቅልጡፋት ህግደፍ መንኮርኮር ናይ ሓሶት**
ናይ ህዝቢ ደመኛታት ካብ ዕለት ናብ ዓመት
ንብዓተን የስትይወን ኣለዉ ኻኹላተን ስድራቤት
ኻኹሉ ሓሪምዎ ምዉኞ ሓጐስ ህይወት።

ዘመንያ ግርንቢጥ ዘመን ሰብ ጽሩራ
ሓፊረን ሓዚነን ደቀን ዝቐበራ
ናይ ዉሑዳት ኼይና ናጽነት ኤርትራ
እዚ ክኸውን ውጽኢቱ የሕዝን ናይ ዘመናት ሰውራ።

**ንዑባ እባ ንማኸር ደቂ ሕጊ ባይቶ**
ሃገርና ካብ ወለደት ዳንዴር ኻኹቶ
ሓቢርና ንወስን ጸረ ህግደፍ ጺያቒቶ
ብስኒት ንመልሾ ናይ ህዝብና ሕቶ።

ኣዒንትና ይጠምት ኣእዛንና ይስማዕ
ንኩሉ ወንዚፍና ሃየ ንሓርነትና ንሰማማዕ
ብጓል መንገዲ ይትረፈና ገማዕማዕ
**ብስኒት፤ ንህግደፍ ነብሎም ፈጋዕጋዕ**

**ብውድብይ ውድብካ ምምንጫት የብቕዕ**
ዜጋና ብጓሂ ነብሱ ኣይነጠልቕዕ
መፍትሕ ንርከበሉ ድሐር ከይንነብዕ
ምእንቲ ሀገር ዝሐለፉ ጀጋኑ ኣይንረስዕ።

ወርሒ ሰነ ኢዩ ወርሒ ተዘኽሮ
ጸረ ህግደፍ ንኽተት ህልዋት ብቶሎ
**ሐግሒግና ንጉሐፎም ናይ ሀገር መንሽሮ**
**ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ ክረክብ ጡጡሕ ንሮ።**

ንብዓቱ ንድረዘሉ ነዚ ሕያዋይ ህዝቢ
ብህግደፍ ተረጊጹ ብዘይብሎም ቀልቢ
ኣብ አፈፌት ገዛ ይሓድር አሎ ከም ከልቢ
**ብስኒት ብፍቕሪ ንንከሶም ከም ንህቢ ።**

ንህዝብን ሀገርን ንግበር ፍቕያ
**ተቓወምቲ ውድባት ንለውጢ ይጓየያ**
**ቅልቅል ጥፍእ አይመቅ ከም ሳዕሪ ሙግያ**
ክሳብ መዓስ ንህግደፍ ክገፍሓሎም ጽርግያ
እዚአ እንተ ገቢርና ጥራሕ ኢዩ ኤርትራና ዝርህያ ።

ኣብ ክንዲ በብዘለናዮ ንግፍዒ ህግደፍ ነኾማስዕ
አብ ክንዲ ብጓሂ ህዝብና ዝጥልቕዕ
ብናጽነት ብሓርነት ቀሲኑ ክስዕስዕ
**ውድብ ድሕሪ ሃገር ምኟኑ አይንረስዕ።**

የብቕዕ ሕጂስ የማን ጸጋም ጥልዕ ምልዕ
ስዉአትና ክቀስኑ ንሕና እውን ክኾርዕ
ኤርትራዊ ዜጋ ከተንፍስ ቅሳኔቱ ከጉላዕልዕ
**ሓቢርና ንሸፋቱ ህግደፍ ነብሎም ድርዕ ድርዕ**
ንብዓቱ ንሐንስሰሉ ሽግር ህዝቢ የብቕዕ ።

ዘለዐለማዊ ዝኽርን ክብርን ንስዉአትና ።